www.alhuda1.com

ኣኣብ ሰለስተ ወርሒ እትሕተም እስላማዊት መጺሔት ቁ፥ (14) 05.2005

## ትሕዝቶ ሕታም


- ሓፈሻዊ ትርጉም ሱረት ኣልፈለቕ……………………………2
- ካብ ኣሓዲስ ኣልኣርበዑን ኣልነወዊያ ክፋል ቁ. (1)………....3
- ሕቶን መልሲን…(ኣልሩቡቢያ እንታይ ማለት እዩ)..……..6,7
- ምኽርታት ንበዓልቲ ቤት…………………………………..8


### ቃል - ኣልሁዳ

ክቡራት ኣንበብቲ መጺሔት ኣልሁዳ

ሰላምን ርህራሄን ካብቲ ርህሩህ ፈጣሪና ይብጻሕኩም እናበልና:ነዛ ብሓዲሽ መልክዕ ትወጽእ ዘላ መጺሔትና ኣልሁዳ ቁ: (14) ነቕርበልኩም::
ንክልተ ወርሒ ዝኾነ ካብ ምውጻእ ጠጠው ምባላ ይቕረታ ንሓትት::
ግን ኢንሻኣላህ ኣብ መጻኢ ግዜ ብተኸታታሊ ንኽትወጽእ ኣበርቲዕና ክንጽዕር ምኻና ክንሕብረኩም ደስ ይብለና::ኣብ ነፍስ ወከፍ ሕታም ኣልሁዳ ንእስላማዊ ፍልጠትና ዘዕሙቕ:ካቁርኣን:ካብ:ሓዲስ:ካብ ሲራ( ታሪኽ ሂወት ናይ ረሱል)ካልእ እስላማዊ ሓዘል ጽሑፋት ካኣ ከነቕርበልኩም ክንፈትን ኢና::

ከምቲ ኣብ መጀመርያ ሕታም ኣልሁዳ ዝወጸትሉ ዝጠቐስናዮ:ቀንዲ ዕላማ ምስልምና ደቂ ሰብ ኣብዛ ሓላፊትን ተራፊትን ዓለም መምርሒ ናይ ረቢ ተኸቲሎም:ጽብቕ ናብራ ከሰላስሉ እዩ:፣ ነዚ ዕላማ ከነጊናጽፎ እንኽእል ካኣ ምስ ረቢ ብምትእስሳርን ንዕኡ ምስእንግዛእን ጥራይ ኢና::
ኣላህ ኣብቲ ዘይልወጥን ነባሪ ዝኾነ ቅዱስ ቁርኣን ከምዝብሎ:

إِنَّ هَذَا الْقُرْآنَ يَهْدِي لِلَّتِي هِيَ أَقْوَمُ وَيُبَشِّرُ الْمُؤْمِنِينَ الَّذِينَ يَعْمَلُونَ الصَّالِحَاتِ أَنَّ لَهُم أَجْراً كَبِيراً

ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ኣላህ ነዚ ቁርኣን ናብቲ ትኽክለኛ መንገዲ ከምዝመርሕ ይሕብረና::ነቶም ጹቡቕ ዝገብሩ ምእመናን ካኣ ዓቢ ዝኾነ ኣጅሪ ክህበና ከምዝኾነ የበስረና::

*ወቢልላሂ ኣልተውፊቕ*

## ሱረት ኣል-ፈለኽ- ናይቲ ንግሆ ሱራ

بسم الله الرحمن الرحيم

قُلْ أَعُوذُ بِرَبِّ الْفَلَقِ

(1) ኦ ሙሓመድ:ናብቲ ንንግሆ ካብ ጸላም ለይቲ ዝጨደደ ጎይታ: እዕቆብ በል።

مِنْ شَرِّ مَا خَلَقَ

(2) ካብቲ እከይ ናይ ፍጡራት

وَمِنْ شَرِّ غَاسِقٍ إِذَا وَقَبَ (3)

(3) ከምኡ'ዉን ካብ እከይ ናይ ለይቲ:
(ግዜ ለይቲ ምስ ኣተወ)

وَمِنْ شَرِّ النَّفَّاثَاتِ فِي الْعُقَدِ

(4) ከምኡ'ዉን ካብ እከይ ናይተን ቱፍ ቱፍ እናበላ ፈትሊ ኣሳሲረን ዝሕዛ ጠበብቲ።

وَمِنْ شَرِّ حَاسِدٍ إِذَا حَسَدَ

5)ከምኡ'ዉን ካብ እከይ ናይ ሓሳድ ክሓስድ እንከሎ ቡዳዉን እንተዳኣ ሓሲዱ:ካብ እከዩ እዕቆብ በል።

## ሓፈሻዊ ትንተና ሱረት ኣልፈለኽ

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብዛ ሱራ እዚኣ ንረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም:ናብቲ ንንግሆ ካብ ጸላም ለይቲ ጨዲዱ ዘውጸአን:ብርሃን ዘስፈነን ጎይታ ናብኡ ንኽዕቆብን ንኽጽጋዕን ይምዕዶን ይእዝዞን።

እዚ መዕቆቢን መጸገዊን ዝድለየሉ ምኽንያት ካኣ:ካብ እከይን ጉድኣትን ኩሉም ፍጡራት ክኸዉን እንከሎ:ብተወሳኺ ኻኣ ካብቲ ድኾድኾ ዝበለ ጸልማት ምስ ዝቕልቀልን ዝኣቱን ምስኡ ክመጽእ ዝኽእል ጎዳኢን ሃሳዪን ነገራት ምእንቲ ክዕቆብን ክሕለውን እዩ።

ከምኡ'ውን:ካብተን ፈትሊ ኣሳሲረን ናይ ተንኮልን ብልሽውናን ስራሕ ዝሰርሓ ጠበብቲ ንሰብ ብዓይኑ ብምውጋእ ኣብ ልዕሊኡ ግዜያዊ ምልኪ ከስፍና ንዝኽእላ ጠበብቲ:ንነፍሱ ክከላኸለላን ከድሕናን ምእንቲ ናብ ኣላህ ክዕቆብ ኣላህ ይእዝዞ።

ብተወሳኺ ካብቲ ሓሳድ ዝኾነ ሰብ ዓይኑ ዘገብረሉ ጽቡቕ ናይ ካለኦት ሰባት ዘይፈቱ:ልቡ ብጽልኢ እተመልአ እሞ ነቲ ንወዲ ሰብ ብኣላህ እተዋህበን እተዓደለን ልግሲ ንኽለግስን ንኽጠፍእን ጎዳኢ ዝኾነ ትምኒትን ሕማኽ ስሚዒት ኣብ ነፍሱ ዘሕድር፥ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓሳድ ሰብ እዉን ንኽድሕን ናብ ረቢ ክዕቆብን ክጽጋዕን:ኣላህ:ንነቢይና ሙሓመድ ምኽሩን ትእዛዙን የበርክተሉ።

እቲ ኣብዚ ከነስተብህለሉ ዝግባእ ካኣ ንሕና ከም ደቂ ሰባት ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ስለ ዘጋጥመና ካብ ዝኾነ እከይ ስራሕን ናይ ፍጡራት ሰባት ዘፍርህ ነገራትን ጸልማት ናይ ለይቲ ኾይኑ ወላ ካብ ጎዳኢ ስራሕ ጠበብቲን ንናይ ሓሰድ ትምኒትን ምእንቲ ክንድሕን ናብቲ ብዘያካኡ መዕቆቢ ዘየልቦ ኣላህ ክንዕቆብን ክንጽጋዕን ናይ ግድን እዩ።

## *ሓዲስ ቁ. (2)ን ሓፈሻዊ ተንተናኡን*

<u>ካብ ኣሓዲስ ኣልኣርበዑን ኣልነወዊያ</u>:                                  ብሓውኹም ዓብዱልዓሊም ስዒድ

ሓደ መዓልቲ ምስ ልኡኽ ጎይታ ኣነቢ ሙሓመድ ( ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም ) ኮፍ ኢልና እንከለና ሓደ ሰብ አዝዩ ጻዕዳ ኪዳን ዝለበሰ ብርቱዕ ጽልሚ ጨጉሪ ዘለዎ ፡ ምልክት ናይ መገሻ ዘይብሉ ፡ ደበኽ በለና ሓደ ካባና ዝፈልጦ አይነበረን::
አብ ቅድሚ ነቢ ተምበርኪኹ ኮፍ ኢሉ ኣእዳዉ አብ ልዕሊ ሰለፉ ብትሕትና አንቢሩ: እዚ ዝስዕብ ሕቶታት አቕረበ ።

" ኦ አንታ ሙሓመድ ብዛዕባ ምስልምና ግለጸለይ ?" ነቢ ከምዚ በልዎ፡
**እስልምና ማለት**:

ብዘይካ ሓደ ጎይታ ክልእ ከምዘየሎ ከምኡ ኻአ ሙሓመድ ልኡኽ ናይ ጎይታ ከምዝኾነ ምምስካር ።
ሰላት (ስግዳን) ምዝውታር
ዘካት (ምጽዋት) ንድኻታት ምሃብ
ወርሒ ሮመዳን ምጻም
እንተ ተኻኢሉካ ካኣ ናብ ካዕባ (መካ ) ምብጻሕ

እቲ ሓታታይ ሓቲቱ ከብቕዕ ፡ ሓቅኻ በሎም ፡ ሓቅኻ ምባሉ ንዓና ብጣዕሚ ኣደነቐና ።
በል ብዛዕባ እምነት ንገረኒ በሎም ?

ብህልውና ጎይታን ፡ መላእኽቱን ፡ መጻሕፍቱን ልኡኻቱን ፡ መጨረሽታ መዓልቲን ብጽሕፍቶኡ ጽቡቕ ትኹን ሕማቕ ክትኣምን ። ሓቕኻ በሎም '
ብዛዕባ እሕሳን ( ሰናይ ተግባር ) ንገረኒ በሎም?
ንጎይታ ከም እትሪኦ ጌርካ ክትግዝኦ ፡ ንስኻ እንተዘይረኣኻዮ ጎይታ ባዕሉ ይርኤካ በልዎ ።ብዛዕበ መጨረስታ ሰዓት ንገረኒ ? ተጠያቒ ካብ ጠያቒ አብሊጹ ኣይፈልጥን ። ምልክታት ንገረኒ ? ባርያ ገዛኢኣ ክትወልድ እያ ፡ ዕሩቓት ጥራሕ ኣእጋሮም ፡ ስኡናት ጋሶት ዝነበሩ ይህብትሙ "ሞ ብመናድቕ ምስራሕ ክወዳደሩ እዮም ።

ወዮ ጠያቒ ከደ እሞ: ድሕሪኡ ነዊሕ ግዜ ኻኣ ፡ ኦ ዑመር ጠያቒ መን ምዃኑዶ ፈሊጥካዮ በልዎ ?
ጎይታን ልኡኹን ይፈልጡ በለ ፡ እምበኣርከስ ጂብሪል ሰብ ተመሲሉ ዲንኩም ከፍልጠኩም ኢሉ መጺኡኩም በልዎ::

# ሓፈሻዊ ትንተና ሓዲስ

ሓደ መዓልቲ ምስ ረሱል ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ኮፍ ኢልና ከለና ሓደ ሰብኣይ መጸ፡ እዚ ሰብይ እዚ ብኣና ፍሉጥ ዘይነበረ ናይ ሰብኣይ መልክዕ ተመሲሉ መልኣኽ ጅብሪል ዓለይሂ አልሰላም እዩ ነበረ።
ዱሙቕ ጻዕዳ ዝኾነ ክዳኑ ማለት ከም ሰብ ክዳን ተኸዲኑ ነበረ፡ ጮግሩ ድማ ኣዝዩ ጸሊም እዩ ነበረ። ናይ መገሻ ኣሰር ወይ ምልክት ኣይነበሮን ብኻልእ ኣባሃህላ ጽዕድውና ክዳኑን ደሮና ዘይተኸድነን ዘይ ወንጨረ ጸግሩን ኣብቲ ግዜቲ ካብ መገሻ ከም ዘይመጸ ዘመልክት ኩነታት እዩ ነይሩ።

ምስ እዚ ኹሉ ግን ወላ ሓደ ካብቶም ሰሓባ ዝፈልጦ ድማ ኣይነበረን፡ ተቐማጣይ መዲና ከምዘይኮነ ኻአ ርጉጽ እዩ ኔሩ::
እዚ ሰብኣይ ክይድ ኢሉ ኣብ ቅድሚ ረሱል ተምብርኪኹ ኣብራኹ ኣብ ኣብራኽ ኣልረሱል ኣልጊቡ ኣእዳዉ ኣብ ሰለፉ ኣቀሚጡ ብትሕትና ንረሱል ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ይሓትት ኣሎ ።
ኣብ ክንዲ ከምቶም ምስኡ ዝነበሮ ሰሓባ ንረሱል ብረሱልላህ ፡ ኦ ረሱል ኣላህ ዝብሉ ወይ ነቢይ ኣላህ እሎም ዝጽውዕዎ ዝነበሩ ምጽዋዑ ፡ ከምቶም ኣዕራብ ንክመስል መታን ፡ኦ መሓመድ ኢሉ ብምጽዋዑ

፡ ቀዳማይ ሕቶ ብዛዕባ እስልምና ሓብረኒ በለ ? ፡ እስልምና እንታይ ኢዩ ? ብዛዕባኡ ንገረኒ ፡ ክብል ሕቶኡ ኣቕረበ።

ረሱል ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ( ኣል ኢስላም ኣንተሸሃድ ኣነ ላኢላህ ኢላ ኣላህ ወኣነ ሙሓመደን ረሱል ኣልላህ) በሎ ፡ ብልብኻን መልሓስካን ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ሓደ ጎይታ:ካልኣይ ሽርካ ወይ ብጻይ ንዕኡ ዝወዳደር ኣብ ምልከቱን ክእለቱን ከምዘየሎ ይምስክር ምባል ፡ ከምኡ ውን መሓመድ ነብይን ልኡኹን ምዃኑ ምምስክር።

ምምስካርካን እምነትካን ብሓቂ ካብ ልብኻ ዝነቀለ ክኸዉን ውን ናይ ግድን እዩ ነዚ ዝምልከት ድማ ኣብ ሱረት ኣልዙኽሩፍ ኣያ ቁ. 86 ንመልከት።)

وَلا يَمْلِكُ الَّذِينَ يَدْعُونَ مِنْ دُونِهِ الشَّفَاعَةَ إِلاَّ مَنْ شَهِدَ بِالْحَقِّ وَهُمْ يَعْلَمُونَ(86)

<u>ሓፈሻዊ ትንተና ኣያ ( 86):</u>

ሙሽሪኪን ነቶም ዝግዝእዎ ዝነበሩ ጣኦት ኮኑ ወይ መልእኽቲ ኣብ ግዜ ፍርድን ሒሳብን ሞንጎኛ ክኾኑዎም ይውክሱ ስለ ዝነበሩ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብዛ ኣያ እዚኣ ከምዚ'ሉ የብርህ:

( እቶም ጣኦት ኮኑ ወይ ኻኣ መላኢካ ምእንቲ ሽፋዓ ክገብሩሎም( ምንጎኛ ) ኣብ ክንዲ ረቢ ዝምልኹዎም ዘለዉ ወላ ንሓደ ሽፋዓ ዝዉንኑ ኣይኮኑን ፡ ሽፋዓ ድማ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ባዕሉ ጥራይ ኢዩ ዝውንኖ:: ንዝደለዮ እዩ ድማ ዝህቦ::
ግን ነቲ ሓቂ ፈሊጦ ብሓደውነት ኣልላህ ላኢላህ ኢላ ኣላህ ኢሉ ዝመስከረ ነዚ ነብያት ኮኑ ወይ መላኢካ ክሽምግሉ ይኽእሉ እዮም ። (ኣልዙኽሩፍ.ቁ. 86)

<u>ቀዳማይ: ላኢላህ ኢላ ኣላህ:</u>

በዘን ሰለስተ ቃላት እዚኣን ሓደውነት ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ይረጋገጽ ፡ ኣልላህ ሓደ በሓቂ ጎይታ ፈጣሪ ምዃኑ ኣረጋጊጹልና:: ካልኦት ጎይቶት ነዚ ፍጥረቱ ዝሻርኹዎ ከምዘየለዉ ድማ ካብ ቱርጉም ላኢላህ ኢላ ኣላህ ክንርዳእ ንኽእል::

መሰል ኣልኡሉሂያ ከምዘይብሎም በዛ ትስዕብ ኣያ ድማ ክንምልከት ንኽእል ፡ ይብል ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱራት ኣልሓጅ ኣያ ቁ.62:

ذَلِكَ بِأَنَّ اللَّهَ هُوَ الْحَقُّ وَأَنَّ مَا يَدْعُونَ مِنْ دُونِهِ هُوَ الْبَاطِلُ وَأَنَّ اللَّهَ هُوَ الْعَلِيُّ الْكَبِيرُ(62)

<u>ሓፈሻዊ ትንተና ኣያ ( 62):</u>

ኣልላህ ኢዩ ኢቲ ብሓቂ ኢላህ ዝኾነ ፡ በጀካኡ ድማ ካልእ ኢላህ ክንግዛእ ኣይግባእን ፡እቶም ሙሽርኪን በጀካ ረቢ ዝግዝኡ ፡ ንኣብነት ንጣኦታት ወይ ምስሊታት ጠቐምቲ ኣይኮኑን ፡ ኣይነፍዑ ኣይጎድኡ ኢዮም።

ኣልላህ ብሓይሉ ኮነ ብቀደሩ ወይ ብነፍሱ ካብ ፉጡራቱ ልዑል ኢዩ።
ካብ ምስልታትን መዛኑን ፍልይ ዝበለ ኢዩ::ዓብይ ኣብ ኣስማቱ ፡ እሱ ካብ ዝኾነ ነገር ዓቢይ ኢዩ፡ ድሕሪ ሓደ ረቢ ካልኣይ ተገዛኢ ጎይታ ዘይምህላዉ ምምስካር ምስ ገለጸሉ ከምኡውን መሓመድ ሉኡኽ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ምዃኑ ክምስክር ከምዘለዉ ሓበሩዎ::

ኣብዚ ኣነ ረሱል ምዃነይ ትምስክር ኣይበሉዎን ፡ ኣንተደኣ እቲ ዝርርብ ኣቃሊብናሉ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ኢዩ ዝካየድ ዝነበረ:: እሞ ካብ ኣነ ሉኡኽ ናቱ ኢየ ምባል በቲ ሽሞም ምግላጽ ነታ ሓበሬታ ዓብይን ሓያልን ምርግጋጽ ይህቦ ንረኽቦ።

እቲ ሽሞም መሓመድ ኢሎም ክገልጽዎ ከለዩ ( መሓመድ ኢብን ዓብዱላሂ ኣልሃሽሚ ኣልቁረሺ ካብ ዙርያ እስማዒል ዓለይኢ ሰላም ምኽኑ ከምኡውን በጀካኡ ድማ ኣብ ዓሌት እስማዒል ረሱል፡ ሉኡኽ ረቢ የለን::

ኣብ ቀርኣን ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንኢብራሂምን ኢስማዒልን ካብ ዙሪያኦም ሉኡኽ ረቢ ክገብር ምኽኑ ኣብ ሱራ ኣልበቀራ ኣያ ቁ.129 ኮምዚ ክብል ገልጸ።

(129)رَبَّنَا وَابْعَثْ فِيهِمْ رَسُولاً مِّنْهُمْ يَتْلُو عَلَيْهِمْ آيَاتِكَ وَيُعَلِّمُهُمُ الْكِتَابَ وَالْحِكْمَةَ وَيُزَكِّيهِمْ إِنَّكَ أَنْتَ الْعَزِيزُ الْحَكِيمُ

***ሓፈሻዊ ትንተና ኣያ ( 129):***

ሰይድና ኢብራሂም ዓለይሂ አልሰላም ምስወዱ ኢስማዒል መሰረት ቤት አልሓራም እንዳ ነደቁ ከለዉ ዝገበሩዎ ዱዓ ኢዩ ።

***( ኦ አንተ ረቢ ካብ ዙሩያ ኢስማዒል ነዛ ኡማዚኣ:ቁርኣን ዝቀርእ ከምኡውን ቁርኣንን ሱናን ዘምህሮም ስደድ))***

ካብ ሽርኪን እከይ ጠባያት ንጹሃት ግበሮም ፡ እስኻ ዑዙዝ ወላ ሓንቲ ነገር ዘይኣብዮ ፡ ጥበባዊ ኩሉ ነገር ኣቦታኡን ግቡኡን ኣጠጢሕካ ተቀመጥ። ) ኣልበቀራ ቁ.129

***ካላኣይ ዓንዲ:ብረሱል ኣልላህ ምምስካር*** :

ረሱል አልላህ ማለት ድማ ሉኡኽ ኣልላህ ማለት ኢዩ፡ እሱ ድማ ዋሕይ ዝተላእኾ ንነብሱ ንዑኡ ተኸቲሉ ናብ ፍጡራት ኣልላህ ከመሓላልፎ ዝተላኣኸ ሰብ ኢዩ።

***ሳልሳይ ዓንዲ. ሰላት ምስጋድ***:

ሰላት ድማ ትሰግድ ፡ ምልእቲን ቅንዕትን ጉድለት ዘይብላ ፡ ሰላት ክባሃል ከሎ ሰላት ፈርዲ ኮነ ወይ ሰላት ኣልናፌላ ዘጠቃልል ሰላት ማለት ኢዩ።

***ራብዓይ ዓንዲ ቱእቲ ኣልዘካት***:

ዘካት ማለት ከም ወርቂ: ብሩር: ጥሪት እንስሳ: ኻብ ሽቀጥ ወይ ፍረ መሬት ዝኣመሰለ ነቶም ዝግብኦም ምእንቲ ንኣልላህ ክንግዘኦ ኢልና ግድን ክነውጽኦ ዝግባኣና ኣብ ቁርኣን ይግበኦም ኢዩ ተብሂሉ ተጠቒሶም ዘለዎ ሰባት ምሃብ ማለት ኢዩ ።

***ሓምሻይ ዓንዲ ሮመዳን ምጻም***:

ንኣላህ ክትግዝኦ ኢልካ ካብ ዝኾነ ሙፍጢራት( ብልዒ ምብላዕን:ማይ ምስታይን:ወዘተ) ካብ ግዜ ወጋሕታ ጀሚርካ ክሳብ ጸሓይ ትዓርብ ነፍስኻ ክትክልክላ ማለት ኢዩ ፡ ስያም ማለት ኣብ ቋንቋ ዓረብ ምኽልካል ማለት ኢዩ፡ ወርሒ ሮመዳን ድማ እቲ ፍሉዋ ወርሒ ኣብ መንጎ ሻዕባንን ሸዋልን ዝርከብ ወርሒ ኢዩ ፡

***ሻድሻይ ዓንዲ ናብ ቤቱላህ ምሕጃጅ***:

ሕጃ በይቱልላህ ትሕጅጅ ፡ እንተደኣ ክኢልካ ናብ በይቱልላህ ኣልሓራም ከድካ ኣብ ፍሉይ ግዜ ውሱናት መናስክ(ኣብ ሓጅ ዝፍጸም ንጥፈታት) ትፍጽም ምስበሎ ሓቅኻ ኢሉ ድማ መለሰሉ ፡ ሓቅኻ በሃላይ እቲ ሓታታይ እዩ ሓቅኻ ዝብልዘሎ ፡ ነቲ ዝዛረብ ሰብ ሐቅኻ ዝብል እንተደኣ ኮይኑ እቲ ዝሰመዖ ዘረባ ይፈልጦ ኢዩ ነይሩ ማለት ኢዩ:: ስለዚ ሓቅኻ ክብል በቂዑ ፡ ሰሓባ ብጣዕሚ ተደኒቖም.

## ሕቶን መልሲን

*__ሕቶ__*

*ተውሒድ አል-ሩቡብያ እንታይ ማለት እዩ ?*

*__መልሲ፡__*

ኣልሓምዱ ሊላህ ወሰላት ወሰላም ዓላ ረሱልላህ ተውሒድ አል-ሩቡቢያ ማለት, ኣልላህ ኣብ ተግባራቱን ኣሰራርሕኡን ሓደ መዳርግቲ ከም ዘይብሉ ምኳኑ አረጋጊጽካ ምእማን ማለት እዩ። ንኣብነት ፍጥረትን ናይ ምቁጽጻር ጉዳያትን ምድላውን ሂወት ምሃብን ምውሳድን ዝናብ ምውራድን ነዝን ከምዝን ዝኣመሰሉ ጉዳያት መዳርግቲ ከምዘይብሉ ምእማን

ተውሒድ ናይ ዝኾነ ይኹን ወዲ ኣዳም ፡ ኣላህ ሓደ ጎይታ ፡ ብሉጽ ደረት ኣልቦ ዝኮነ ፈጣሪን ናይ ኩሉ ነገር ናባይን ወሃባይ ህወት ከምኡውን ወሳዳይ ፡ እቲ ሓደ ክጠቅመካን ክጎድኣካን ዘይ ውሱን ክእለት ዘለዎ፡ ንዝለመኖ ድማ መልሲ ወሃባይ ፡ ኩሉ ነገር ትሕቲ ቁጽጽሩ ፡ ሕያዋይ ዝኾነ ጎይታ ፡ ዝኾነ ዝደልዮ ከአላይ ምኳኑ ዘየረጋግጽ እንተደኣ ኮይኑ፡ ሙሉእ ተውሒድ የብሉን ማለት እዩ ።

እቶም ሙሽሪኪን ( ን ኣላህ ሽርካ ዝገብርሉ ዝነብሩ) ሉኡኽ ናይ ኣላህ ዓለይህ ሰላት ወሰላም ናብኦም ዝተላእኸ ፡ ነዚ ተውሒድ ኣል-ሩቡብያ ኣይተጻረሩዎን እዮም ነይሮም ፡ ብሙሉኡ ተቀቢሎሞ እዮም ፡ እሳቶም ረቢ ዝኾነ ኩነታት ዝኣሊ ምኳኑን፡ ንሰማያትን መሬታትን መላኺ ምኳኑ ኣሚኖም የረጋግጹ እዮም ነይሮም።

ነዚ ዘረጋግጽ መርትዖ ድማ፡ እዛ እትስዕብ ጥቕሲ ቁርኣን ንመልከት ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልዙኽሩፍ ኣያ ጥቅሲ ቁ. (9) ይብል፡

وَلَئِنْ سَأَلْتَهُمْ مَنْ خَلَقَ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضَ لَيَقُولُنَّ خَلَقَهُنَّ الْعَزِيزُ الْعَلِيمُ

ካብዚ ዝሓለፈ ድማ ተውሒድ አልረቡቢያ ንበይኑ ምሉእ እስልምና ንምርግጋጽ ኣይበቕዕን እዩ ፡ ኣንታይ ደኣ ምስዚ ተውሒድ እዚ ተውሒድ አል-ኡሉህያ ከማልእ ኣለዎ ። ተውሒድ አል-ኡሉህያ ማለት ድማ ረቢ ሓደ ምኳኑን ካልአይ ብጻይ ወይ ሓጋዚ ከምዘይብሉን ፈሊጥካ ጥራይ ንዕኡ ክትግዛእ ማለት እዩ ። ተውሒድ ኣል-አልሩቡቢያ ካብ ደቂ ኣደም ዋላ ሓደ ዝነጸጎ የሎን ፡ ዋላ ሓደ ሰብ እዛ ዓለም ክልተ ማዕረ ዝኾኑ ፈጠርቲ አለዉዋ ዝበለ የለን ።። ብዘይካ ፈርዖን ብትዕቢቱን ድርቅናኡን ፡ ዋላ ሓደ የለን ብዛዕባ ተውሒድ- አል-ሩቡብያ ዝተኻትዐ ወይ ምቕባል ዝኣበየ ፡ ረቢ ይርገሞ ፡ አነ እየ እቲ ልዑል ረቢ" ውን ኢሉ እዩ ። ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ አብ ሱረት አልናዚዓት ኣብ ጥቕሲ ቁ. ( 24) ይብል፡

فَقَالَ أَنَا رَبُّكُمْ الأَعْلَى (24)

ከምኡውን ኣብ ሱረት ኣልቀሰስ ኣብ ኣያ ጥቕሲ ቁ. (38) ከምዚ ይብል፡

وَقَالَ فِرْعَوْنُ يَا أَيُّهَا الْمَلأُ مَا عَلِمْتُ لَكُمْ مِنْ إِلَهٍ غَيْرِي فَأَوْقِدْ لِي يَا هَامَانُ عَلَى الطِّينِ فَاجْعَل لِي صَرْحاً لَعَلِّي أَطَّلِعُ إِلَى إِلَهِ مُوسَى وَإِنِّي لأَظُنُّهُ مِنْ الْكَاذِبِينَ(38)

እዚ ድማ ካብ ትዕቢት ዝተበገሰ ዳኣምበር ከምቲ ረቢ ኣብ ሱረት ኣልነምል ኣብ ኣያ( ጥቕሲ) ቁ. (14 ) ዝጠቕሶ፡

وَجَحَدُوا بِهَا وَاسْتَيْقَنَتْهَا أَنْفُسُهُمْ ظُلْماً وَعُلُوّاً فَانظُرْ كَيْفَ كَانَ عَاقِبَةُ الْمُفْسِدِينَ(14)

ጎይታ ሓደ ኻልእ ምኳኑ ይፈልጥ እዩ ነይሩ ።

ከምኡውን ረቢ ብዛዕባ ሰይድና ሙሳ ምስ ፈርዖን ክካታዕ እንከሎ ሱረት ኣልኢስራእ ጥቕሲ (102) ይነግረና፡ ሰይድና ሙሳ ከምዚ ይብል፡

قَالَ لَقَدْ عَلِمْتَ مَا أَنزَلَ هَؤُلاءِ إِلاَّ رَبُّ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ بَصَائِرَ وَإِنِّي لأَظُنُّكَ يَا فِرْعَوْنُ مَثْبُوراً(102)

ስለዚ ፈርዖን ንባዕሉ እቲ ሓደ ዝኾነ ጎይታ ኣላህ ምኳኑ ተኣሚኑ ኣዩ ።

ከምኡውን እቶም መጁስ ንተውሒድ ኣልሩቡብያ ኣይተቀበሉዎን ፡ ዓለም ክልተ ፈጠርቲ ኣለውዋ ይብሉ ፡ እሳቶም ድማ ጽልምትናን ብርሃንን እዮም ብምባሎም ንተውሒድ አል-ሩቡብያ ኣይተቐበሉዎን ማለት እዩ ።

እንተኾነ ግን ነዞም ክልተ ፈጠርቲ ማዕረ ገይሮም ውን ኣይርእይውምን እዮም ፡ ብመጠኑ እቲ ብርሃን ጽቡቕ ነገራት ስለ ዝፈጥር ካብቲ ጽልምትና ይበልጽ ይብሉ።

እቲ ጽልምትና ግን እከይ እዩ ዝፈጥር ስለዚ እቲ ጹቡቕ ዝፈጥር ካብቲ እከይ ዝፈጥር ዝሓይሽ እዩ በሉ ፡ ብተወሳኺ ድማ ጽልምትና ህላወ የብሉን ኣየብርህን እዩ ፡ ብኣንጻሩ ብርሃን ህልዊን የብርህን እዩ ኣብኡ ኮነ ወይ አብ ነብሱ ፍጹም እዩ ። እዞም ሙሽርኪን ወላኳ ብተውሒድ ኣልሩቡብያ ይእመኑ ደኣምበር ፡ብምሉኡ ይኣምኑሉ እዮም ማለት ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ፡ ከምቲ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ አብዘን ዝሓለፋ ጥቕስታት ዝሓበርና ብሓፈሻኡ ይኣምኑሉ እዮም ነይሮም።

ግን ከ ገለ ጌጋታት ኣብ እምነቶም ኣለዎም፡ ንአብነት ከዋኽብቲ ዝናብ የውርዱ ምኻኖም ይኣምኑ ንጠንቋሎ ሰሓርትን ስዉር ዝኾነ ነገራት ይፈልጡ እዮም ኢሎም ይኣምኑ ፡ ከምኡውን ካልእ መልክዓት ዝሓዘ ሽርኪ ንናይ ሩቡብያ ዝምልከት ፡ ግን እዚ ጌጋታት ምስቲ ናይ ጌጋታት ተውሒድ ኣል-ኡሉህያን ተውሒድ ናይ ኣገዛዝኣን (ተውሒድ ኣልዒባዳት ) ክነመዛዝኖ ከለና ውሱን ጌጋታት እዩ ኮይኑ ንረኽቦ።

ንኣላህ አብቲ እምነት ጽኑዓትን ክሳብ ንረኽቦ ዘይንልወጥ ክገብረና ንልምኖ ፡ ወ አላሁ ኣዕለም ።

ተፍሲር አልዓዚዝ ኣልሓሚድ .33 - አልቆውል ኣል-ሙፊድ 1/14 ተውከሱ

# ምኽሪታት ንበዓልቲ ቤት

ጓል-ኣንስተይቲ ንሰብኣያ በቲ ዝፈትዎ ሽም ጌራ ክትጽውዖ ግድን እዩ::

ዝኾነ ሰብ ብሽሙ ወይ በታ ዝውረየላ ሳጓ ኮነ ሽም ክስመይ ይፈቱ ስለ ዝኾነ ፡ ሰበይቱ ድማ በተን ዝፈትወን ኣስማት ክትጽውዖ ይግባእ ። እዛ እትስዕብ ሓዲስ ናይ ሉኡኽ ኣላህ ከምዚ ብምባል ትሕብረና:

*( ሰለስተ ነገራት ኣለዋ ንፍቅሪ ሓውኻ ኣስላማይ ዘንጽህኦ ፡ ክትረኽቦ ከለኻ ሰላም ምስ ትብሎ ፡ ኣብ ኮፍ ዝበልኩሞ ቦታ ክመጽእ ከሎ ድማ ኮፍ ንምባል ቦታ ተርህወሉ ፡ በተን ዝፈትወን ኣስማት ድማ ትጽውዖ ) ።*

ይብል ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ንኡመል ሙእምኒን ዓኢሻ ረድየ ኣላሁ ዓንሃ:

*( ኣነ ፈልጥ እየ ካባይ ተቐጢዕኪ ክትኮኒ ከለኺ ወ ረብ ኢብራሂም ትብሊ ፡ ካባይ ረድኺ ክትኾኒ ከለኺ ኻኣ ወ ረብ ሙሓመድ ትብሊ በሉዋ ) ።*

## ገዛ ክኣቱ ከሎ ብጽቡቕ ተቐበሊዮ.

በዓል-ቤት ኣብታ መጀርታ ገዛ ዝኣትወላ እዋን ዝረኽቦ ኣቀባብላ ፡ ነቲ ዝተረፈ ክፋል መዓልቱ ኣብ ገዝኡ ዘዘውትሮ ጠባያት ዓቢ ጽልዋ ይጸልዎ እዩ፡ በዓልቲ ቤት ብብሩህን ድሱትን ዝኾነ ገጽ ንሰብኣያ ክትቕበሎ ከላ፡ ነቲ ጸቅጥታት ናይ መንባብሮን ድኻምን ኣብ ግዳም ፡ ካብ ስራሕ ኮነ ካብ መገሻ ዝረኸቦ የቃልለሉ እዩ ።

ኦ ኣንቲ ሕያወይቲ ዝኾንኪ በዓልቲ-ቤት ፡ ዛንታ ናይዛ ካብ ኣህሉ ጀና ዝኾነት ሰበይቲ ተመልከቲ ፡ ሰብኣያ ካብ መገሻ ምስ ተመልሰ ከመይ ጌራ ከም ተቀበለቶ እቲ ናብ ገዛኡ ምምላስ ታሕጓሱ ክተበላሽወሉ ዜይፈተወት ሕያወይቲ ዝኾነት በዓልቲ-ቤት ንምርዳእ ኣስተንትኒ ።
እሳ ድማ ኡም ሰሊም ቢንት መልሓን ረድየ ኣላሁ ዓንሃ እያ ፡ ወዳ ኣቡ ዑሜር ዝበሃል ይሓምም ኣሎ ፡ ዘይተሓሰበ ግድን ዝኾነ መገሻ ሰብኣያ ኣቡ ጠልሓ ድማ ይረክብ ኣሎ ፡ምእንታን ሰብኣያ ብሕማም ወዱ ምኽንያት ካብዚ ኣገዳሲ ዝኾነ መገሻ ከይተርፍ ኢላ ፡ ቖልዓ ደሓን እዩ ዘሎ ብዙሕ ኣይትሻቀል መገሻኻ ስኽ ኢልካ ኪድ ትብሎ ኣላ ፡ በዓል ቤታ ድማ ናብ መገሻኡ ይኸይድ ።

ሰብኣይ ምስ ተሳፈረ ወየ ቆልዓ ሕማም በርቲዕዎ ወላዲኡ ቅድሚ ምምላሱ ይመውት ኣሎ ፡ ኣነስ ወዳ ከምዚ ኢሉ የዘንትው ይብል “ ኣደይ ንስድራኣ ኣቦ ጠልሓ ምስ ተመልሰ ብዛዕባ ሞት ወዱ ከይተርድእዎ ባዕለይ ክነግሮ እየ “ በለቶም ።

ኣቦ ጠልሓ ካብ መገሻኡ ምሸት ምድሪ ይመጽእ ኣሎ ፡ ድራሩ ቀሪባትሉ እንዳ በለዐን እናሰተየን ከሎ ድማ ከይዳ ነፍሳ ካብቲ ቀደም ትወጃጀሆ ነበርት ንላዕሊ ተወጃጂሃን ተጸባቢቓን ስምዒቱ ከርዊ ነፍሳ ኣቀረበትሉ ፡ ከብዱ መሊኡ ስሚዒቱ ምስ ኣርወየትሉ ፡ ኦ ኣቦ ጠልሓ እተደኣ ሰባት ኣማና ወይ ልቃሕ ኣቅሓ ሂቦሙና ነይሮም እሞ እዛ ኣቅሓና ምለሱልና እንተበሉ ክኸልኡዎም ዶ ይግባእ ምስ በለቶ ፡ እሱ ድማ ኣይፋሉን ኢሉ ምስ መለሰላ ፡ እምበኣር ኣላህ ኣማናኡ ወሲዱ እዩ ናብ ረቢ ኢማን ግበር በለቶ ፡ ኣቦ ጠልሓ ቆልዓ ሞይቱ እንከሎ ከምዚ ዝገበረት ብጣዕሚ ኣቆጢዕዎ ፡ ንጉሆ ናብ ሉኡኽ ናይ ረቢ ዓለይህ ሰላት ወሰላም ብምኻድ ፡ ሰበይቱ ዝገበረቶ ብጠቕላላኡ ነገሮ ፡ ሉኡኽ ናይ ኣላህ ድማ “ ኣብታ ዝሓለፈት ለይትኹም ኣላህ ባሪኹልኩም እዩ ” በሎ ::
ኣነስ ወዶም ይብል “ ካብታ ለይቲ ኢትኣ ኣደይ ጥንሲ ሓዘት ብድሕሪኡ ውን ብተኸታታሊ እንዳወለደት ዓሰርተ ኣወዳት ኣብጸሐት ፡ ኩሉም ድማ ቁርኣን ቀራእቲ ነይሮም ” ።

وَقضَى رَبُّكَ ألاَّ تَعْبُدُوا إلاَّ إيَّاهُ وَبالْوَالِدَيْنِ إحْسَاناً إمَّا
يَبْلُغَنَّ عِنْدَكَ الْكِبَرَ أحَدُهُمَا أوْ كِلاهُمَا فَلا تَقُلْ لَهُمَا أُفٍّ
وَلا تَنْهَرْهُمَا وَقُلْ لَهُمَا قوْلاً كَرِيماً

ክቡራት ኣንበብቲ ኣብዚ እንቕርበልኩ ዘለና ኣሓዲስ ካብ መጽሓፍ ብሉቕ ኣልመራም እዩ:: ንሓቤረታ እቲ ነፍስወከፍ ኣብ ብሉቕ ኣልመራም ሰፊሩ ዘሎ ሓዲስ ቁጽሪ ኣለዉ:ንኣብነት እዚ ኣቢ ቀሪቡ ዘሎ ሓዲስ ቁ:( 869)ኣብ ትሕቲ ባብ ዒሽረተ ኣልኒሳኣ ሰፊሩ ኣሎ::

*869*/ ኣቡ ሁሬይራህ :ረ/ይ : ይብል'' ረሱል ሳላላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብል:፡

((ብኣላህን የውመልቂያማህን ዝኣምን ሰብ ንጎረቤቱ (3) ኣይእዘዬ ። ካባይ ብዛዕባ ደቒ ኣንስቲዬ ተመኽሩ ። እሳተን ካብ መሰንገል እየን ተፈጢረን ። እቲ ዝጎበጠ ክፍሊ መሰንገልኻኣ እቲ ላዕለዋይ ክፍሊ እዩ ። ትኽ ከተብሎ እንተፈተንካ ትሰብሮ(4) ኢኻ። እንተገደፍካዩ ኻኣ ጎባጥ ኮይኑ ይተርፍ። ስለዚ ካባይ ብዛዕባ ደቒ ኣንስትዬ ተማኸሩ ::
( እዚ ናይ ኣልቡኻሪ ጥቅሲ እዩ) ። ኣብ ናይ ሙስሊም ሓዲስ ኻኣ ፡ ስለዚ ብኣ እንተተደሲትካ ፡ ጎባጥ ከላ ኢኻ ትደሰተላ። ትኽ ከተብላ እንተ ፈቲንካ ግን ትሰብራ ኢኻ መስበርቲ ኻኣ ምፍታሓ እዩ ዝብል ንረክብ ።

---

*874*/ኢብኒ ዓባስ : ረዲያ ኣላሁ ዓንሁ : : ረሱል ሳላላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ ኢሉ ክብል ኣዘንዘወ:፡

"ዝኾነ ሰብ ካባኹም ምስሰበይቱ ( ስጋዊ ) ርክብ ክገብር እንተደልዩ'' ቢስሚላህ : ኣላሁማ ጀኒብና ኣሽይጣን ወጀኒብ ኣይሽይጣን ማረዘቕተና'' ይብል . ካብኡ ወሉዱ ካብታ ለይቲ እንተ ተወሊዱ ሽይጣን ንዘልኣለም ኣይጉድኦን እዩ በለ '' (ዝ/ሓ)

ለበዋ:

ክቡራት ኣንበብቲ ነዚ ኣሓዲስ ኣንቢብኩም እቲ ዘድሊ መኣረምታ ጌርኩም:ንኽትልእኩልና ንላበወኩም::

ወጀዛኩም ኣላሁ ኸይረን

ኣሕዋትኩም ኣሰናዳእቲ መጼሔት ኣልሁዳ

## ሓበሬታ፡

ኮሚቲ ምቱርጓምን ድርሰትን ንመጼሔት ኣልሁዳ ኣብ ምሕታምን ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኣብ ምዝርጋሕን ንእተካይዶ ዘላ ጻዕሪ በብእዋኑ ነዚ ዝስዕብ ሕቶታት ካብ ብዙሓት ኣሕዋት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ስለ ዝመጸና ክንምልሶ ግድን እዩ።

እቲ ሕቶ ኻኣ፡ መን ኢኹም?ዕላማኹም ከ እንታይ እዩ? ዝብል ሕቶ እዩ።

እምበኣር ክቡራት ኣሕዋትና ዕላማና ንእስላማዊ ፍልጠት ንምስፍሕፋሕን ነቲ ብቛንቛ ዓረብኛ ንምስልምና ንምፍላጥ ዝሽገር ተዛራቢ ትግርኛ ብቛንቛኡ እስላማዊ ፍልጠት ምቕራብ እዩ።

ነዚ ንምትግባር ካኣ እቲ ዝበዘሐ ክፋል ጻዕርና ኣብ ምቱርጓም እዩ ዘተኩር።

ወላሁ ኣልሙወፊቕ
ኣሕዋትኩም ኣሰናዳእቲ መጼሔት ኣልሁዳ

**ሓዲሽ ኣብ መርበብ** Alhuda1.com

ክቡራት ኣሕዋት ኣብ ኢንተርነትን ትሕቲ Topics ዝብል ሊንክስ ነዚ ዝስዕብ ዛዕባታት( ኣርእስትታት) ከተንብብ ትኽእሉ ኢኹም::

- ሓላፍነት ናይ ጠባያዊ ተርቢ ያ
- ቆልዑ ማዕረ ጌርካ ክራኣዮ
- እምነትን ቅንዕናን
- ፍረ ሓሳብ ብዛዕባ ምስልታትን ስራሓቶምን
- ግዜና ንደቅና
- ሓራምን ሓላልን
- ሂወትካ ኣሕድስ
- ሂወትካ ፍረ ሓሳብካ
- ክብረት ናይ ስራሕ
- ምዕባሌ
- መብጻዓ ኣብ ግብሪ ምውዓል
- መዲ
- መን ኢኻ
- መርዓ
- ሞራላዊ ጠባያትና
- ሙሳመሓን ተጻዋርነትን
- ንኣንበብቲ
- ናይ መጻኢ ኣራኣእያና
- ሳዕቤን ዘይምስራሕ
- ሰብሪ መዕስ ይደሊ